**ናይቲ ፕሮጀክት ኣርእስቲ:** ካብ ኣውሮፓ ተመለስቲ ንዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ናይ ዳግመ ምጥያሽ ድጋፍ
**ተግባራዊ ዝገብሮ ኤጀንሲ:** ናይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስቲን ኤጀንሲ፤ናይ ስደት ተመለስቲ ዳግመ ምጥያሽ ፕሮጀክት ማነጅመንት ቤት ፅሕፈት (ARRA RR-PMO)
**መዋሊ ትካል:** ሕብረት ኤውሮፓ (EU)
**ፃኒሒት ናይዚ ፕሮጀክት :** ሰለስተ ዓመታት (ካብ ጉንበት 2018 – ሚያዝያ 2021) እ.ኤ.አ

## ቀንዲ ተጠቀምቲ

1. ካብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮፓን ኖርወይን ከምኡውን ካብ ስዊዘርላንድ ተመለስቲ ዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ስደተኛታት፣
2. ዝተመረፁ ናይ ውሽጢ ዓዲ ንዘይሕጋዊ ስደት ተቃላዕቲ ዝኾኑ ክፋላት ማሕበረሰብ
3. ብፌዴራልን ብፍላይ ብክልል ደረጃ ብአምሐራ፣ ኦሮሚያ፣ ደቡብ ብሄር-ብሄረሰባትን ህዝብታትን ክልል፣ ሶማሊያ፣ ትግራይ ክልል ክምኡ እውን ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባን ዝርከቡ ኣብ ናይ ተመለስቲ ዳግመ ምጥያሽ ዝሰርሑ ቀንዲ ናይ መንግስቲ ኣካላትን እዮም።

**ዕላማ ናይዚ ፕሮጀክት**

1. ካብ ስደት ተመለስቲ ኢትዮጵያውያን ኣብቲ ተመልሶም ዝርከብሉ ማሕበረተሰብ ብውልቀሰብ ደርጃን ማሕበረሰብ መሰረት ዝገበረን ዘላቒ ዝኾነ ናይ ኢኮኖሚ ፤ ማህበራዊን ሳይኮሶሻልን ድጋፍ ንኽረኽቡ ምምችቻው
2. ናይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስቲን ኤጀንሲ (ARRA) ን ቀንዲ መዳርግቲ ኣካላትን ትካላዊን ቴክኒካዊን ብቕዓት ብምዕባይ ኣብ ናይ ተመለስቲ ዳግመ ምጥያሽ ዘለዎም ሐላፊነት ተግባራዊ ምግባር።

## ናይቲ ፕሮጀክት ኣግባብ ቅበላ ተመለስቲ፣

**ደረጃ 1**

ኣባላት ሕብረት ኣውሮፓ ናይ ሊሴ ፓሴ ወይ ከዓ ናይ ይሕለፍ ወረቀት /ፓስፖርት ናብ ኢትዮጵያ መንግስቲ የመሓላልፉ፣

**ደረጃ 2**

ወጻኢ ጉዳይ ሚኒስተር ናይ ተመለስቲ መረዳእታ ምስ ናይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስቲን ኤጀንሲ፤ናይ ስደት ተመለስቲ ዳግመ ምጥያሽ ፕሮጀክት ማነጅመንት ቤት ፅሕፈት (ARRA RR-PMO) ምልውዋጥ

- ወጻኢ ጉዳይ ሚኒሰተር ሕድሕድ ተመለስቲ ቅድሚ ምብጋሶም ፓስፖርት/ሊሴ ፓሴ ወይከዓ ናይ ይሕለፍ ወረቀት ብምትሕሓዝ ናይ ኤምባሲ ናይ ፅሑፍ ሓበሬታን ካልኦት ኣድለይቲ መረዳእታን ን ARRA RRPMO ምርካብ።
- ወጻኢ ጉዳይ ሚኒሰተር ናይ ተመለስቲ ዝብገስሉን ዝበፅሕሉን ጊዜ ከምኡ ውን ናይ ተመለስቲ ፍሉይ ድልየታቶምን ምስ ARRA RR-PMO ምዝርራብ።

**ደረጃ 3**

**ንተመለስቲ ፅቡቕ ኣቀባብላ ብምግባር ኣብ ዓለም ለኸ መዕረፎ ነፈርቲ ቦሌ ምዝገባ ምክያድ**

- ናይ ARRA RR-PMO ሰረሕተኛ ኣብ ቦሌ ዓለም ለኸ መዕረፎ ነፈርቲ ኣብ ናይ ሰደት ተመለስቲ ማዕከል ምፍላይን ምምዘጋብን
- ድሕሪ ምዝገባ ካብ ቦሌ ዓለም ለኸ መዕረፎ ነፈርቲ ናብ ጊዝያዊ መፅንሒ ማእኸል ወይካዓ ኣድላዪ ተኮይኑ ናብ ካልኦት ድጋፍ ግልጋሎታት ወሃብቲ ትካላት ናይ ጥዕና ምርመራን ናይ ሕክምና ክትትንልን ምልኣኽ፣

**ደረጃ 4**

**ድሕሪ ምብፀሖም ኣብ መፅንሒ ማእኸል ዝወሃብ ግልጋሎት**

- ናይ ሕክምና ድጋፍ ዘየድልዮም ተመለስቲ ናብ ጊዝያዊ መፅንሒ ማእኸል ኣዲስ ኣበባ ምልኣኽ
- ተመለሰቲ ኣብ ጊዝያዊ መፅንሒ ማእኸል ድሕረ ምብፃሖም ተበዚሑ ንሰለስተ ማዓልቲ ከም ምግቢ፣ ማይን መጣጥሒን ከምኡ እውን ናይ ፅሬት መሐለዊ ኣቕሑት፣ ናይ ሕክምና ግልጋሎትን ናይ ጥዕና ምርመራን፣ ናይ ስነልቦናን ዳግመ ምጥያሽን ምክሪ ኣገልግሎት ይወሃቦም

**ደረጃ 5**

**ተመለስቲ ናብ ትውልዲ ቦታኦም ንኽኸዱ ናይ ምጉዓዝያን ግዜያዊ ወፃኢታትን ምሽፋን**

- ንኹሎም ተመለስቲ ናብ መበቆል ዓዶም /ማሕበረሰቦም ንኽኸዱ ናይ ምጉዓዝያን ናይ መንገዲ ወፃኢታትን ኣበል ምሃብ
- ኣብ ኣዲስኣበባ ንዝኾኑ ተመልስቲ፣ ካብ ኣዲስኣበባ ትሕቲ 400 ኪ.ሜ ንዝጉዓዙ ተመለስቲን ካብ ኣዲስኣበባ ልዕሊ 400 ኪ.ሜ ርሕቀት ንዝጉዓዙ ተምለስቲን ነንሕድሕዶም ብተኸታታሊ 60፣ 100ን 150 ዩሮ ማዕረ ብናይ እትዮጵያ ቅርሺ ይወሃቦም

**ደረጃ 6**

ተመለሰቲ ናይ ስነልቦናን ሕክምናን ድጋፍ ኣብ ኣዲስኣበባ ክረኽቡ ምግባር

- ተመለስቲ ቦሌ ዓለም ለኸ መዕረፎ ነፈርቲ ወይከዓ ጊዝያዊ መፅንሒ ማእኸል ምስበፅሑ፤ ህፁፅ ናይ ናይ ሰነልቦናን ጥዕናን ፀገም ንዘለዎም ክሳብ 6 ወርሒ ዝፀንሕ ቅድሚ ናብ ቤተሰቦም ምኻዶም ኣብ ኣዲስኣበባ ህፁፅ ሓገዝ ክረኽቡ ምግባር
- ብ ናይ **ARRA RRPMO** ኣግባብ መስርሕ መሰረት ናብ ስድረኦም/ ማሕበረሰቦም ንክኸዱ ከቢድ ሽግር ንዘጋጠሞም፤ ንሓፂር ጊዜ (ተበዚሑ ክሳብ 3 ወርሒ) ኽራይ ገዛ ይኽፈለሎም።

**ደረጃ 7**

**ብ ኣዲስ ኣበባ፣ ብክልልን ወረዳን ደረጃ ናይ ዳግመ ምጥያሽ ሓገዝ ምሃብ**

- ተመለስቲ ናይ ሕክምና ምኽርን ኽትትልን ድሕሪ ምርካቦም ብክልልን ወረዳን ደረጃ ንውልቀኦም ናይ ስነእምራዊ ጥዕናን ሕክምናን ዘጠቃለለ ናይ ሳይኮ ሶሻል/ ማሕበረ-ስነልቦና/ ድጋፍን ምምኻርን ግልጋሎት ምሃብ፣
- ትምህርቶም ክቕፅሉ ንዚደልዩ ተመለስቲ ብናይ ARRA RR-PMO ናይ ኣግባብ መስርሕ መሰረት ናይ ትምህርቲ ወፃኢታቶም ይሸፈነሎም
- ንተመለስቲ ብዛዕባ ገንዘብ ኣጠቓቕማን ምዕባይ ኢንተርፕራይዝ/ትካል ንግዲን ከምኡ እውን ሓፀርቲ ናይ ሞያ ስልጠና ምሃብ፣
- ኣድላዪ ናይ ሞያ ስልጠና ምስረኸቡ፤ ሕድሕድ ተመለስቲ ብውልቀ ወይከዓ ብሕብረት ንኽሰርሑ ብሓገዝ ናይቲ ፕሮጀክትን መንግስታዊ ቤት-ፅሕፈት ናይ ሰራሕ ትልሚ ንኽሰላዉ ሞያዊ ሓገዝ ምሃብ
- እቲ ዝተዳለወ ትልሚ ስራሕ በቲ ፕሮጀክት ምስተረኣየ፤ ሰራሕ ንኽጅምሩ ዘኽእሎም አቁሑት ብምግዛእን በምሃብን ግቡእ ቁፅፅርን ሞያዊ ክትትልን ይግበረሎም
- ንሕድሕድ ተመለሰቲ (ናካለ መጠን ዝበፅሑ) ንሞያዊ

ክእለትን ንናብራ መመሓየሽን ዝወሃቦም ገንዘባዊ ሓገዝ ካብ 3000 ዩሮ ( ማዕረ ምስ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ሸርፊ ዋጋ) ብዘይበልፅ ኽፍሊት ንሰራሕ ዘድልዩ ነገራት ብቀጥታ በቲ ፕሮጀክት ዝግዘአሎም እንትኸውን ኾይኑ ግና ጥረ ገንዘብ ናብ ኢዶም ኣይወሃብን

- ኣድላዪ ኣብዝኾነሉ ግዜ ስራሕ ንምጅማር ብናይ መንግስቲ ሕጋዊ መስርሕ መሰረት ተመለስቲ ግቡእ ፍቃድ ክርኽቡ ኣለዎም

## በዚ ፕሮጀክት እዙይ ዘይሸፈኑ ወፃኢታት

- ምስ ተመለስቲ ማሕበራዊን ኢኮነሚያዊን ዳግመ ምጥያሽ ርክብ ዘይብሎም ዕድጊት ናይ ውልቀ ኣቑሑት
- ዝህብዎ ኣገልግሎት ፅፉፉነትን ምቹውነትን ተዘይተረጋጊፁ፤ ብብዓል መዚ ዝተረጋገፁ ናይ ህዝባዊ ኣገልግሎት ወፃኢታት (ከም ስልጠናን ትምህረትን፣ ናይ ምሕደራን ሕግን ኣገልግሎት)
- ከም መርዓ፣ ዕዳ ወይከዓ ናይ ቅፅዓት ክፍሊት ዘኣመሳሰሉ ናይ ውልቀ ዋኒናት

## ተመለስቲ ናይ ዳግመ ምጥያሽ ድጋፍ ንኽረኽቡ እንታይ ኽገብሩ ይግባእ?

- ብዝተኽኣለ ብፍጥነት ሕድሕድ ተመለስቲ ኣብ ቦሌ መዕረፊ ነፈርቲ ፕሮጀክት ቤት ፅሕፈት ወይከዓ ኣብ ናይ ክልል ዳግመ ምጥያሽ ማእኸል ወይ ከዓ ኣብ ወረዳ ስራሕ ዕድል ፈጠራ ቤት ፅሕፈት ብምርካብ ካብ ስደት ተመለስቲ ምኻኖም ከፍልጡ ኣለዎም። ኣብ ቦሌ መዕርፎ ነፈርቲ ከፍልጡ ተዝይክእሎም ናብ ዋና ፕሮጀክት ቤት ፅሕፈት ወይ ከዓ ናብ ክልል ዳግመ ምጥያሽ ማእኸል ወይ ከዓ ኣብ ወረዳ ስራሕ ዕድል ፈጠራ ቤት ፅሕፈት ተረኺቦም ከፍልጡ ኣለዎም።
- ናይ ወረዳ ስራሕ ዕድል ፈጠራ ቤት ፅሕፈት ንኽልል ዳግመ ምጥያሽ ማእኸል ሓበሬታ ምስ ሃበ ናይዚ ፕሮጀክት ናይ ክልል ዳግመ ምጥያሽ ማእኸል በዓል ሞያ ናብቲ ካብ ስደት ተመላሲ ዝርከበሉ ቦታ ኸይዱ ኽረክቦ ይግባእ
- ተመለስቲ ብስለኪ፣ ብኢ-መይልን በኣካልን ክራኽቡ ይኽእሉ እዮም። ናይዚ ፕሮጀክት ናይ ስራሕ ሰዓታት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ 2:30 ክሳብ 11:30 እንትኸውን ንተመለስቲ ዝቅበሉ ከዓ 24/7 ኣብ ቦሌ መዕርፎ ነፈርቲ ንቅበላን ህፁፅ ሓገዝ ንምሃብን ይርከቡ።
- ሕድሕድ ተመለስቲ ናይ ዳግመ ምጥያሽ ትልሚ ክመያየጥሉን ኽትግብርዎን ይግባእ።
- ሕድሕድ ተመለስቲ ኣብ ውሽጢ 12 ወርሒ ዝግበኦም ሓገዝ ምርካቦም ንምርግጋፅ ምስ ፕሮጀክት ቤት ፅሕፈት ካልኦት መዳርግትን ብሓባር ክሰርሑ ኣለዎም።ኾይኑ ግና እዚ ናይ ጊዜ ገደብ እዙይ ናይ ተመለስቲ ፍልልይን ጉድእነትን የገናዝብ እዩ።

ሓበሬታ
Agency for Refugees and Returnees Affairs (ናይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስቲን ኤጀንሲ ) , Returnees Reintegration Project Management Office (ናይ ስደት ተመለስቲ ዳግመ ምጥያሽ ፕሮጀክት ማነጅመንት ቤት ፅሕፈት) ወይ ከዓ ARRA RR-PMO


**ኣድራሻ:**
ኣዲስ ኣበባ፣ ክፍለ ከተማ የካ፣ ወረዳ 09፣ ጎደና ፣ 9_2425፣ ቁፅሪ ገዛ. ብ-42_19 ፣ ኣብ ዋና መንገዲ ናብ ሳህሊተ ምህረት ኣደባባይ ቀፂሉ ናብ ፀጋም ናብ ሆቴል ዴሚተሪ ትዕፀፍ ካብኡ ካብ ሆቴል ሶሎ ቴ ቀፂሉ ይርከብ::

ፓስታ ሳፅን ቑፅሪ
84 (Attention to Returnees Reintegration Project Management Office)
አዲስ አበባ፣ ኢትዮጵያ

ስልኪ ቑፅሪ፡
+251-111-872-0366 ወይ ድማ +251 – 111 – 854 8635
ኢ-መይል፡: info.rrpmo@arra.et
ኣድራሻ ኣብ መዕረፊ ነፈርቲ ቦሌ ዝርከብ ኣካል
ኣቶ ረድኤት ብርሃኑ፤ ናይ ARRA RRPMO ተቀባሊ ካብ ስደት ተመለሰትን ጭብጢታት መዝጋቢ በዓል ሞያን
ስልኪ ቑፅሪ :- +251-911-55-5272
ኢሜይል፡- redietbirhanu1@gmail.com



Implemented by ARRA
Funded by the European Union


# ሓበሬታ ናይ ዳግመ ምጥያሽ ድጋፍ ንተመለስቲ




## ዘላቒ ናይ ዳግመ ምጥያሽ ድጋፍ




መተሓሳሰቢ:-
ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ዝርዝር ትሕዝቶታት ናይቲ ፅሁፍ ናይ ስደተኛታትን ካብ ስደት ተመለስቲን ኤጀንሲ፤ናይ ስደት ተመለስቲ ዳግመ ምጥያሽ ፕሮጀክት ማነጅመንት ቤት ፅሕፈት (ARRA RR PMO) ሓላፍነት ዳኣ እምበር ናይ ኤውሮፓ ሕብረት ሓሳብ ዘንፀባርቑ እዮም ማለት ኣይከአልን።